ዓ/ዓዲ ቤት ህንፀት ማእከል አብ 2008 በጀት ዓመት ዝተበጀተልና መሰረት ብምግባር 2ይ ዕድጊት ንቲ ማእከል ግልጋሎት ዝዉዕሉ ቀወምቲ ንብረታት ከም ፈርኒቸር ዝተፈላለዩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሒታት ሃለቅቲ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ሃለቅቲ ናይ ፅሬት መሳርሒታትን ካልኦት አናእሽተይ መሳርሒታትን ካብ ሕጋዊያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 19, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 10, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 10, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን አብ ናይ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበ

2 ተጫረቲ ቫት ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቕርቡን ናይ ከፈላ ግብርን መለለይ ቲን ናምበር ናይ መቕረባይነትን ከቕርብ ዝክእል

3 ተጫረቲ ናይ ወርሒ ሕዳር ዲክለር ዝገበሩ ምኻኖም መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል

4 ተጫረቲ ግበሪ 2008 ዓ/ም ዝኸፈሉን ንግዲ ፈቃድ 2008 ዓ/ም ዘሐደሱን

5 ተጫረቲ ዝጫረትሉ መወደደሪ ዋጋ ብዘይ ስርዝ ድልዝ መሊኦም ብንፁር ሸምን ፊርማን ማህተምን ብዘተዓሸገ ፖስታ አብ ዓ/ዓዲ ቤት ህንፀት ማእከል ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ንጨረታ አብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክእትዉ ዝክእል

6 ተጨራታይ ጨረታ ካብ ዘሸነፈሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 ተ ናይስራሕ መዓልቲ ሕጋዊ ዉዕሊ አሲሩ መክበሪ ዉዕሊ 10% ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ስፒኦ ከትሕዝ ዝክእልን ተጨራታይ ዘሸነፎ ንብረት ብናይ ባዕሉትራንስፖርት ናብ ዓ/ዓዲ ቤት ህንፀት ማእከል ክቕርብ ዝክእል

7 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ /Specification/ ዘይምለስ 30 ብምክፋል ካብ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ቤት ህንፀት ማእከል ምዉሰድ ይኽእለ

8 ጨረታ አብ አየር ዝፀንሐሉ ግዜ ካብ ዕለት 19 /1 /2008 ዓ/ም ክሳብ 10/05/2008 ሰዓት 10:30 ድሕሪ ሰዓት ይዕፀዉ

9 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 12 /05/ 2008 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ሰዓት ይክፈት

10 ተጫረቲ ንጨረታ መክበሪ ዝምለስ 3000 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

11 ተጫረቲ ብዘይ ኣገባብ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፈተኑ ነጋዶ ስጉምቲ እንወስድ ምኻና ከምኡ እዉን ዘተሓዝዎ ጨረታ መኽበሪ ገንዘብ ዝዉረስ ምኻኑ
12 ተጫረቲ ግልፂ አብ ዘይኮነሎም ብአካል መፂኦም ወይ ብስልኪ ቁፅሪ 0348460123 0914154817 / 0919098882

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ደዊልካ ምሐታት ይከኣል

13 ትካልና ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ንበረት ብፅሬት መረጋገፂ አካል በዓል ሞያ ፅሬቱ ተረጋጊፁ አታዊ ዝኾነ ንብረት ጥራሕ ሒሳብ ንኽፍል ምኻና ክፈልጡ አለዎም

14 አብ እዋን ጨረታ ምርኣይ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ክርከቡ አለዎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ብዘይ ምቅራቦም ጨረታ ምክፋት/ ምርኣይ/ ኣይተኣጎልን

15 ማእከልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ መስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle